DSHS WASHINGTON STATE Department of Social and Health Services

WASHINGTON ECONOMIC JUSTICE ALLIANCE

# እዞም ሓደሽቲ ናይ ፌደራል ለውጥታት ሓገዝ ምግቢ ይፀልዉኹም ድዮም?

## ኣብ ኩነታት ኢሚግሬሽን ዝተመርኮሰ ኣብ ብቕዓት ፌደራላዊ ለውጥታት መደብ ሓገዝ ተወሳኺ ምግቢ (SNAP)

**እዞም ዝስዕቡ እንተድኣ ኮይኖም:-**

| ዜጋ ሃገር ኣሜሪካን ኣሜሪካውን | ሕጋዊ ቀዋሚ ነባሪ (መንበሪ ፍቓድ ወይ በዓል ግሪን ካርድ) | ናይ COFA* ፈላሲ | ካብ ኪዩባን ሃይቲን ዝኣተዉ |
|---|---|---|---|

- ሐዚ እውን መሰል ፌደራላዊ ሓገዝ ተወሳኺ ምግቢ ረብሓታት ኣለዎም።

**እዞም ዝስዕቡ እንተድኣ ኮይኖም:-**

| ዑቕባ ሓታቲ፣ ዑቕባ ዝተዋህቦ ወይ ሰብኣዊ ሓለዋታት ዘለዎ ፈላሲ |
|---|

- **ክንዲ ናይ ፌደራል ሓገዝ ተወሳኺ ምግቢ ረብሓታት** ብክልል ዝምወል ናይ ምግቢ ረብሓታት ክረኽቡ ብቑዓት ይኮኑ።
- DSHS ከ.ኣ.ኣ. ኣብ ግንቦት (May) 2026 ብቕፅበት ናብቲ ብክልል ዝምወል ረብሓታት ከሰጋግሮም እዩ።
- ናይ ረብሐኦም መጠን ከምዘለዎ ክቕፅል እዩ።
- በዚ ለውጢ ምኽንያት ደጊሞም መመልከቲ ከእትዉ ኣየድልዮምን።

---

## ኣብ ናይ ፌደራል ስራሕ SNAP ረቛሒታት ዝግበሩ ለውጥታት

**ናይ ምግቢ ሓገዝ ዝረኽቡን ክሰርሑ ዝኽእሉን ካብዚ ናፃ ዝገብር ረቛሒ ዘየማልኡን ሰባት፤ ብመሰረት ሕጊ ፌደራል ናይ ስራሕ ረቛሒታት ከማልኡ ኣለዎም። እንተዘየማሊኦም:- ኣብ ውሽጢ 36 ኣዋርሕ ንሰለስተ ወርሒ ጥራይ ናይ ምግቢ ረብ ሓታት ንምርካብ ብቑዓት ይኾኑ።**

**እዞም ዝስዕቡ እንተድኣ ኮይኖም:-**

| ትሕቲ 18 ዓመት ወይ ልዕሊ 65 ዓመት ዕድመ | ኣሜሪካዊ ህንዳዊ ወይ በቦቐለ ኣላስካ | ጥንስቲ | ጉዱእ ኣካል | ኣብ ገዝኦም ትሕቲ 14 ዓመት ዕድሚኦም ቆልዓ ዘለኩም |
|---|---|---|---|---|

- **ነዞም ሓደሽቲ ናይ ስራሕ ረቛሒታት ክተማልኡ ኣየድልየኩምን እዩ።**
- ናይ ምግቢ ረብሓታትኩም ከም ልሙድ ክቕጽል እዩ።

**እዞም ዝስዕቡ እንተድኣ ኮይኖም:-**

| ወተሃደር ነበር (Veteran) | ቤት ኣልቦ ዝኾነ ሰብ | ካብ ናይ መዕበዪ ስድራ (foster care) ዕድመ ዝሓለፈ ትሕቲ 24 ዓመት ዝኾነ መንእሰይ | ካብ 18 ክሳብ 64 ዓመት ዝዕድሚኡ ኮይኑ ትሕቲ 14 ዓመት ዝኾነ ፅጉዕ ዘይብሉ | ጉዱእ ኣካል ወይ ጥንስቲ ዘይኮነ |
|---|---|---|---|---|

- **ናይ ምግቢ ረብሓታቶም ንምርካብ ብቑዕ ኮይኖም ንምቕፃል** ናይ ስራሕ ረቛሒታት ከማልኡ ክግደዱ እዮም።
- **ኣብ ዝቕፅል ናይ ብቕዓት ገምጋሞም፤** መርመራ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቶም ናይ ስራሕ ረቛሒታት ብቓልን ብፅሑፍን መፍለጢ ክወሃቦም እዩ።
- **ናይ ብቕዓት ገምጋምን መርመራን ቅድሚ ምግባሮም ናይ ምግቢ ረብሓታቶም ኣይክስእኑን እዮም።**

## ብመደብ ሓገዝ ፀዓት ገዛ ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም (LIHEAP) ሓገዝ ንዝረኸቡ ስድራቤታት ዝተገብረ ለውጥታት

**እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገብረ ለውጢ ሕጊ ፌደራል፤ ክልላት ንLIHEAP ዝረኸቡ ስድራቤታት (ዕድሚኦም 60+ ዝኾኑ ዓበይቲ ወይ ጉዱኣት ኣካል ኣባል ንዘይብሎም) ዝለዓለ ናይ ግልጋሎት ክፍሊት ምቅናስ ዘክእለን ዝነበረ ዓቕሚ የትርፍ። እዚ ማለት ድማ:-**

- ረብሓታቶም ክንክዩ ይኽእሉ እዮም።
- እዚ ለውጢ ከ.ኣ.ኣ. ኣብ ግንቦት 2026ን ድሕሪኡን ኣብ ረብሓታቶም ፅልዋ ክገብር ይኽእል እዩ።

## እዞም ለውጥታት ንዐኦም ዝምልከቱ ኮይኑ እንተተሰሚዕዎም እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ?

- ✓ ናይ ብቕዓት ገምጋዎም ኣብ ግዚኡ ይዛዝሙ።
- ✓ ኣብቲ እዋን እቲ ሓበሬታቶም ልክዕ ምኳኑ የረጋግጹ።
- ✓ ሕቶታት ይሕተቱ: ናብ ማእከል ርክብ DSHS ብ 877-501-2233 ክድውሉ ወይ ናብ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ Community Services Office ክከይዱ ይኽእሉ እዮም።

---

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ሓገዝ እንተድልይዎም:-

- ንተወሳኺ ሓበሬታ ብ211 ብምድዋል ወይ ናብ wa211.org ብምክያድ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ናይ ምግቢ ባንክታትን ካልኦት ኣቕርቦታትን ክረኽቡ ይኽእሉ።
- እዚ ናይ DSHS ዝተሓተ ዘክፍል ግልጋሎታት መምርሒ ንስድራቤቶም ሓገዝቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ብዙሓት ተወሳኺ ከባቢያዊ ግልጋሎታትን ኣቕርቦታትን ኣለዎ።

**ኣገዳሲ:-**
ኣብ ሓደ ናይ ምግቢ ሓገዝ ዝረክብ ስድራቤት ውሽጢ ሓደ ሰብ ብቑዕ እንተዘይኮይኑ፣ ካልኦት ኣባላት እቲ ስድራቤት ናይ ምግቢ ረብሓታት ምርካብ ክቕፅሉ ይኽእሉ እዮም።

*ናይ Compact of Free Association (COFA) ፈለስቲ ካብተን ብናፃ ዝተኣሳሰራ ሃገራት (ማይክሮነዥያ፣ ደሴታት ማርሻልን ፓላውን) ዝመፁኡን ብመሰረት ውዕል Compact of Free Association ኣብ ኣሜሪካ ንኽነብሩ፣ ክሰርሑን ክመሃሩን ፍሉይ ፍቓድ ዘለዎምን ሰባት እዮም።